# ኣገዳሲ ሓበሬታ ንናይ ፖለቲካዊ ዑቕባ ዝካየድ ፕሮሰስ

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ናይ ፖለቲካ ዑቕበኛታት፡ንሕና ብድሌትን ነጻን ኣማኸርቲ ኣባላት ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል ተጣበቕቲ መሰልን ክብሪ ደቂ ሰባት ኢና።እዚ ማለት ምስ መንግስቲ ምትእስሳር ዘይብሉ ነጻ ዝኾነ ማሕበር ተጣበቕቲ መሰል ደቂ ሰባት እዩ። ድሌትና እዚ ፖለቲካዊ ዑቕባኹም ኣብ ጀርመን ንኽዕወት ክንተሓባበረኩም እዩ።

ንስኻትኩም ኣብ ጀርመን ዑቕባ ሓቲትኩም ኣለኹም። ስለዚ ኣብ ጀርመን ተቐባልነት ንኽትረኽቡ እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ዑቕባ ዝያዳ ተቐባልነት ዘለዎ ኣብ ጀርመን ናይ ፖለቲካ ጸገም ምስ ዝኸውን እዩ፣ እዚ ማለት ደቂ ሰባት ሂወቶም ወይ ነጻነቶም ብምኽንያት ዓሌትነት ወይ ሃይማኖታዊ እምነቶም ወይ ፖለቲካዊ መርገጾም ተነፊጉዎም ሂወቶም ኣብ ሓደጋ ምስ ኢትወድቕ እዩ።እኹን እምበር ኣብ ጀርመን ነቲ ናይ ዑቕባ ተቐባልነት ኣዚዩ ዘኽብዶ ብዙሕ ብድሆታት ኣሎ።

ዑቕባ ምስ ሓተትኩም ገለገለ ሕቶታት ክትሕተቱ ኢኹም ወይ ተሓቲትኩም ኣለኹም። ኣብ ዝቕጽል ፕሮሰስ እዘን መጀመሪያ ዝተሓተትኩመን ሕቶታት ማለት ዝሃብኩመን መልስታት ኣብ ተቐባልነትኩም ኣዝየን ኣገደስቲ እየን።

እዚ ዝቕጽል ሊስታ ኣብ መብዛሕትኡ ዝቐርብ ሕቶታት እዩ።

1. እቲ ቀንዲ መውጽኢኻ እንታይ እዩ ?

1.1 እንታይ ዩ እቲ ቀንዲ ምክትታል ዝተገብረልካን ምህደሚኻን ?

1.2 ክንደይ ዝኣክል ግዜ ነይሩካ ኣብ ሞንጎ ንምትሓዝካ ዝተገብረ ምክትታልን ምህዳምን ?

2. ኣብ ዓድኻ ናይ ፖለቲካ ሰብ ዲኻ ኔርካ ?

2.1 ኣባል ናይ ሓደ ውድብ ወይ ናይ ሓደ ማሕበር ዶ ኔርካ ?

2.2 እንታይ ዓይነት ዕላማ ነይሩዎ ውድብካ ወይ ማሕበርካ ?

2.3 ብኸመይ እዩ እቲ ውድብ ወይ ማሕበር ቀይሙ መራሕቱ ኸ ብዓል መን እዮም ?

2.4 ኣብ ውድብካ እንታይ ዓይነት ሓላፍነት ነይሩካ ?

2.5 እንታይ ዓይነት ፍሉይ ስራሕዩ ነይሩካ ኣብ ውድብካ ምምራሕ ኣኼባ ሸበሮ ኣብ ምውህሃድ ወይሲ ጽሑፋት ኣብ ምክፍፋል ?

2.6 ኣበየናይ ቦታ ዝነበረ ግሩፖ ኢኻ ኣባል ኔርካ ?

2.7 ናይቲ ግሩፖኹም ሓለፍቲ ኸ ባዓል መን እበሃሉ ?

2.8 እንታይ ዓይነት ዝምድና ኸ ነይርዎም ምሳኻ ?

2.9 መን ኣሎ ነዚ ትህቦ ዘለኻ መልሲ ከረርጋግጽ ዝኽእል ኣስማትን ኣድራሻን ኣባላት ናይቲ

ውድብ ወይ ማሕበር ኣለዉ ዶ ኣብ ጀርመን ?

3. ሕጂ ኸ ኣብ ጀርመን ኮንካ ንዓድኻ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ተካይድ ዲኻ ?

3.1 እወ እንተኾይኑ እቲ መልሲ ምስየናይ ውድብ እንታይ ዓይነት ሓላፍነት ከ ኣለካ ?

3.2 እንታይ ዓይነት ፍሉይ ኣበርከቶ ኢኻ ጌርካ ወይ ትገብር ?

3.3 ዕላማ ናይቲ ውድብ ወይ ጉጅለ እንታይ እዩ ?

3.4 ኣንጻር እቲ ኣብ ሃገርካ ዘሎ መንግስቲ ዝካየድ ሽበሮን ኣኼባን ተኻፊልካ ዶ ?

3.5 ነዚ እትህቦ ዘለኻ መልሲ መን ከረጋግጸልና እኽእል፣ ሽምን ኣድራሻን ምሃብካና ዶ ?

4. እንታይ ዓይነት ፍሉይ ምክትታልዩ ኣዚዩ ዝሳቐየካ ነይሩ ?

4.1 ማኣስን ኣበይን ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታትን እዩ እቲ ጽዑቕ ምክትታል ዝካየድ ነይሩ?

4.2 ተኣሲርካ ትፈልጥ ዶ ማኣስን ኣበይን ንኽንደይ ዝኣክል እዋንን ?

4.3 ንኽትእሰር ብመንግስቲ ተወሲኑልካ ነይሩ ድዩ ?

4.4 ኣብ ቤት ፍርዲ ቀሪብካ ተፈሪድካ ዲኻ ኣድራሻ ናይቲ ቤት ፍርዲ ?

4.5 ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ተገሪፍካ ወይ ተዓሚጽካዶ ?

4.6 ነቲ ዝገጠመካ ጸገማት ዝመሚ መንግስታዊ ሓገዝ ከትረክብ ተኽእሎ ነይሩዶ፣መን ሓበሬታ ክህበና እኽእል፣ ካልኦት ሰባትከ ኣለዉ ዶ ከምዚ ናትካ ብጽዑቕ ምክትታል ዝተሳቐዩ ?

5. ኣብ ሃገርካ ዝነብሩ ቤተ ሰብ ኣለዉኻዶ ?

5.1 እቶም ቤተ ሰብካኸ ብሰንኪ ምህዳምካ ምክትታል ከምዝግበረሎም ከም ርዱእ ዶ እወስድዎ ?

5.2 ንቤተ ሰብካኸ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ትገብረሎም ዶ ?

6. ኣብ ጀርመን ዝቕመጡ ቤተ ሰብ ወይ ትፈልጦም ሰብ ኣለዉዶ ?

6.1 ኣበየናይ ከተማ  እቕመጡ ኣስማቶምን ኣድራሽኦምን ?

6.2 እዞም ኣዝማድካ ወይ ፈለጥኻ ዑቕባ ሓቲቶም ቅቡላት ድዮም ?

7.0 ንዓድኻ እንተተመሊስካ ዘሰክፈካ ነገር ኣሎ ድዩ ?

7.1 ሰነዳት ኣለካዶ ከም ደብዳበ ወይ ናይ ቤት ፍርዲ ወይ ናይ ጠበቓ ?

8.0 ብኸመይ መልክዕ ኢኻ ናይ ዓድኻ ዶብ ሰጊርካዮ ?

8.1 ማኣስ ኢኻ ዓድኻ ገዲፍካዮ ?

8.2 ብምንታይ ኢኻ ካብ ዓድኻ ወጺእካ ብማኪና ብነፈሪት ?

8.3 ንጀርመን ብነፋሪት እንተኾንካ መጺእካ እንታይ ዓይነት ሕብሪ ትዝክር ማለት ናይተን ሆስቴሳት ክዳውንተን ዩኒ ፎርም ወይ ሰድያታት ናይታ ነፋሪት መግቢኸ እንታይ ነይሩ ?

8.4 ኣየኖት ሃገራት ኢኻ ሰንጢቕካ መጺእካ ?

8.5 ኣብተን ዝኣቶኻየን ሃገራትከ ዑቕባ ሓቲትካዶ ትፈልጥ ?

8.6 ኣበየናይ ከተማ ተቐሚጥካ ቅድሚ ሰለስተ ዓመት ቅድሚ ሃገርካ ምልቃቕካ ?

8.7 ጥዑይ ፎርጅት ዘይኮነ ናይ ዓድኻ ፓስፖርት ኣለካዶ ?

9.0 መንዩ ኣማኺሩካ ንጀርመን ክትመትጽእ ?

9.1 ቅድሚ ሕጂ ኣብ ጀርመን ናይ ፖለቲካ ዑቕባ ሓቲትካዶ ትፈልጥ ?

9.2 ብገለ ኣጋጣሚኸ ንጀርመን መጺእካ ትፈልጥዶ ?

10. ካብዚ ዝተሓተትካዮ ወጻኢ ክትውስኾ ትደሊ ነገር እንተሎ መስል ኣለካ ከምዚ ዝተዓዘብኩሞ እቲ ሕቶታት ኣዚዩ ጽዑቕን ተኣፋፍን እዩ ስለዚ እትህብዎ መልሲ ተቐባልነት ንምርካብ ኣዚዩ ወሳኒ ስለ ዝኾነ ዝእመንን ብጭብጢ ዝተሰነደን ክኸውን ጽቡቕዩ እዩ።

ኢንተርቪው ምጽዋዕ ማለት ናብ ባብ ተቐባልነት ምምራሕ ማለት ስለ ዝኾነ ንኢንተርቪው ምቅርራብ ኣዚዩ ኣገዳሲ እዩ። ቅድሚ ኢንተርቪው ምጽዋዕካ ጠበቓ ወይ ኣማኸርቲ ምሓዝ ሓጋዚዩ። ግን ዋላ ጠበቓ ይሃሉኻ ኣብ ግዜ ኢንተርቪው ብኣካል ክትቀርብ ኣለካ። ቆጸራ ናይ ግድን ክኽበር ኣለዎ። ኣይጠዓመንን ረሲዔዮ ወይ ገለ ምኽንያት ሂብካ ምትራፍ ኣዚዩ ሃሳዪ ክኸውን እኽልዩ። ኩሉ ደብዳቤታት ካብ ፖሊስ ወይ ካብ ቤት ፍርዲ ዝተላእከ ብግቡእ ክተሓዝ ኣለዎ።እቲ ኢንተርቪው ዝግበር ብጽሑፍ እንተተታሕዘ ተመራጺዩ። ታሪኽ ሂወት ብጽሑፍ ክተሓዝ ጽቡቕዩ። ኣዚዩ ጥንቃቐ ዘድልዮ ዝተወለድካሉ ዕለትን ቦታን ምስቲ እትሕተቶ ሕቶ ልክዕ ክሰማማዕ ኣለዎ።

ክትእመን ምኽኣል ኣብ ተቐባልነት ዓቢ ተራ ኣልለዎ። ኣብ ዑቕባ ምሕታት ወይ ኣብ ግዜ ኢንተርቪው ብዝተኻእለ መጠን ጸገምካ ብሰፊሑ ምዝርዛር ኣገዳሲዩ።ዋላ ተደጋጋሚ ወይ ተመሳሳሊ ሕቶታት እንተኣጋጠመ ሽግራትካ ድገሞ ደጋግሞ ብሰፊሑ ዘርዝሮ። ቦታትት ምጥቃስ ኣብቲ ግዜ ጸገም ዘጋፍዑን ምሳኻ ዝተገፍዑን ሰባት ኣስማት ምጥቃስ ንኽትእመን ሓጋዚዩ። ዋላ እኳ ግዜ እንተነውሔ ኣቲ ዘጋጠመ ፖለቲካዊ ሽግርን ወተሃደራዊ ምክትታልን ተሰኒዱ እንተቐረበ ተመራጺዩ። ሰነዳት እንተዘይተረኺበ ግን እቲ ናይ ግዜ ፍልልይ ብዝተኣማምን መገዲ ክግለጽ ክኽእል ኣለዎ። ሕቶ ምስ ተሓተትካ ቅድሚ መልሲ ምሃብካ ነቲ ሕቶ ብዝግባእ ክትርድኦ ኣለካ። እንተዘይተረድኣካ ሕቶ ክድገመልካ ምውካስ፣ማለት ከይተረዳኣካ ትምልሶ መልሲ ጎዳኢ ሳዕቤን ክኸትል እኽእልዩ። ምስ ተርጓማይ ዘይምርዳድእ እንተጋጢሙ ከትነጽጎ ምሉእ መሰል ኣለካ። ሽዑ ብወገንካ ናትካ ተርጓማይ ወይ እትኣምኖ ሰብ ወይ ድማ ሓደ ካብ ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል ሒዝካ ክትመጽእ ትኽእል ማለትዩ። ዋላ ኣብ ግዜ ኢንተርቪው ምስ ተርጓማይ ዘይምርድዳእ እንተጋጠመ እቲ ኢንተርቪው ተቛሪጹ ሓድሽ ቆጸራ ክቑጸር ተኽእሎ ኣሎ።

ደቂ ኣንስትዮ ብጓለንስተይቲ ክትርጎመለን ምስ ዝደልያ ኣቐዲመን ቅድሚ ቆጸራ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ብጽሑፍ ክቐርባ ኣለወን። ዋላ እኳ ሕጋዊ እንተዘይኮነ መንግስቲ ንጠለባተን ኣዚዩ ቆላሕታ

እገብረሉዩ። ሰብ ሓዳር ከም ግቡእ ጉዳዮም ብሓባርዩ ዝረአ፣ ግን ጉዳዮም በበይኖም ክረአየሎም ዝደልዩ እንተለዉ ውን እከኣል ስለዝኾነ ኣቐዲምካ ክሕበር ከኽእል ኣለዎ። ኣብ ዓድኻ ማህረምቲ እኹን ገለ መሪር ግፍዕታት ተፈጺሙካ እንተኾይኑ ማለት ከም በሰላ ወይ ናይ ስምባደ ኣእምሮ ዘኸተለ እንተኾይኑ እሞ ኣብ ግዜ ኢንተርቪው ክትገልጾ ዘይትደሊ እንኾንካ ነቲ ሓታታይ ብዛዕብ ኡ ክትዛረብ ከምዘይትደሊ ክሕበር ኣለዎ። ሽው ንሱ ልስልስ ዝበለ ሕቶ ኣቕሪቡ ይሓልፎ እሞ ኣብ መወዳእታ ውን ሓኪም ከተናዲ ትኽእል ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመካ በሰላ እኹን ስምባደ ኣእምሮ በቲ በዓል ሞያ ማለት ብሓኪም ምስክር መረጋገጺ ይወሃበካሞ ኣብ ቤት ፍርዲ ቀሪቡ ኣብ ተቐባልነት ዓቢ ሓገዝ ኣለዎ። መንግስቲ ጀርመን ነቲ ኣብ ደቂ ሰባት ዝወርድ ዘስካሕክሕ ግፍዕታት ብሰነድ እንተቐሪቡ ኣዚዩ ቆላሕታ ስለ ዝህበሉ፣ ተፈጺሙ እንተኾይኑ ብዘይስከፍታ ክሕበር ከኽእል ኣለዎ። ምናልባት ሓታታይ ሕቱኡ ምስ ወደአ ዘይተሓተትካዮ ጉዳይ ምስ ዝህሉ ክትገልጾ እንተደሊኻ ግድን ሽው ክትሕብር ኣለካ።

ኣብ ግዜ ክሲ ወይ እግባይ ዝቐርብ ሓድሽ ምኽንያታት ዳርጋ ተቐባልነት ኣይረከብንዩ።ቅድሚ ኢንተርቪው ኩሉ ጉዳይካ ተሰኒዱ ክቐርብ ኣለዎ ጥራይ ዘይኮነ ግድን ሓቅን ርግጽን ምኳኑ ክረጋገጽ ኣለዎ። ጌጋ እንተለዎ ቀልጢፍካ ክሕበርን እቲ ሰነድ ድማ ብቛንቋኻ ከም እንደገና ተጻሒፉ ክመጸካ መሰል ኣለካ። ዘይበርሀ ነገር እንተሎ ክትፍርም ኣይትግደድን ኢኻ። ቅዳሕ ናይቲ ፕሮቶኮል ሒዝካ ክተከይድ ውን ፍቑድዩ። ኣጋጣሚ ኮይኑ ድሕሪ ኢንተርቪው ወይ ድሕሪ መንጸግቲ ገለ መረጋገጺ ሰነዳት እንተተረኺ በዝቐልጠፈ ንጠበቓ ሓቢርካ ናብቲ ዝምልከቶ ኣካል ክስደድ ኣለዎ። ኣብ ጉዳይ ዑቕባ ብኹሉ ወገኑ ኣብ ፖለቲካ ዘተኮረ እንተኾይኑ ዝተመረጸዩ፣ ናይ ቁጠባ ጸገምዩ ኣምጺኡኒ ክባሃል የብሉን። ካልእ ወሳኒ እቲ ብፍላይ ኣብ ነብስኻ ዝወረደ ስቓይን ምክትታልን ደኣ እምበር እቲ ኣብ መላእ ሃገር ዘሎ ጸገም ከም ምኽንያት ሂብካ ተቐባልነት ክትረክብ ኣይከኣልንዩ።ምናልባት ናይ ሃይማኖትን ዓሌትን ግዳይ እንቶኾንካ ግን ካልኦት ከማኻ ዝኣመሰሉ ሰባት ክትጠቅስ ትኽእል። ንዓድኻ እንተተመሊስካ ኣብርእሴኻ ዝወርድ ግፍዕታት ብሰፊሑ ክትገልጾ ክትክእል ኣለካ። ከም ማእሰርቲ መግረፍቲ ወይ ናይ ሞት ስጉምቲ ዝኣመሰሉ ማለትዩ። ምናልባት መንግስቲ ጀርመን እንተነጺጉካ እግባይ ክትብል መሰል ኣለካ። እቲ ዝወሃብ ግዜ ኣዝዩ ሓጺር ስለ ዝኾነ ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን እግባይ ክባሃል ኣለዎ። ንእግባይ ዝወሃብ ግዜ እንተነውሐ ካብ ክልተ ሰሙን ኣይሓልፍንዩ።